ርእሲ ዓንቀጽ

# ወረ "ጉባኤ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ":

ጉጅለ ደቀባት 09.05.2008 ዓ.ም.

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ እንታይ ይግበር ኣሎ?
እዚ "ጉባኤ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ'ዚ": ብሓቂዶ ፍታሕ ከምጽእ'ዩ?
ካብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ: ወረ ክዝርጋሕ ከምዝቀነየ: "ጉባኤ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ": ካብ ዕለት 5. ግንቦት 2008 ዓ.ም. ጀሚሩ ገና ይቕጽል ከምዘሎ'ዩ።

ዓድኻን ዓይንኻን ከምዝብሃል: መርበብ ሓብሬታ ደቀባት'ውን እቲ ጉዳይ ስለዝምልከቶ: ብመጠኑ ጽማቑ ናይቲ: "ጉባኤ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ" ኣንሆ የቕርብ።

እቲ ዜና ከምዝሕብሮ: "እዚ ካብ ዕለት 5. ግንቦት 2008 ዓ.ም. ጀሚሩ: ኣብ ሓዲሽ ኣበባ ዝካየድ ዘሎ: 13 ፖለቲካዊያን ዉድባትን: ካልኦት ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝኾና ፖለቲካዊያን ዉድባትን: በርገሳውያን ማሕበራትን: ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ሴፎም ዘወጣዉጡ ዘሎዉ: ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ኤርትራዉያን ባእታትን: ዝሳተፉዎ: ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምክያድ ዝዓለመ እዩ": ዝብል እዩ። ቀጺሉ እቲ ወረ ከምዘውርዮ: "ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ብሓባራዊ ስምምዕ (Consensus) ዝጸደቐ መማሓደሪ ቅዋም ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን: ጸዲቑሎ"። እዚ ቅርጺ ናይዚ ሓድነታዊ ኣሰራርሓ ኤዲኪ ዝሕግግ: ዝለዓለ ስልጣን ናይተን "ዝተሰማማዓ" 13 ውድባት ምኻኑ ክፍለጥ ይግባእ": ይብል።

ነዚ ንዝምልከት ርእይቶ ብደቀባት:

ንህዝብና ዋሕስነት ክኾኖ ዝኽእል ሃገራዊ ዋዕላዶ ኪዳናዊ ዋዕላ?

ኣብ ግዜ እዋን ፌደረሽን ኣብ ኤርትራ መባእታዊ ዲሞክራሲ ከምዝነበረ: ተደጋጊሙ ዝተዘርበሉ ታሪኽ'ዩ። እዚ ሎሚ ዘሎ ምዕራባዊ "ስርዓት ዲሞክራሲ": ዘማዕበሎ ኣገባብ ድማ: ዲሞክራስያዊ ምርጻታት ንምፍጻም: እቶም ንባይቶ ዝተመርጹ ሰባት: ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታ እንዳዞሩ: ይስለጥ ኣይስለጥ ብዘየገድስ: መብጽዓታት ተሰኒዮም:
ሕረዩና! እናበሉ ክወዳደሩ ይርኣዩ።

እዚ በቲ ጥንታዊ ኤርትራዊ ባህሊ: ብኻልእ ኣዘራርባ ጥንታዊ ልማድ ዓደ-ቦ ብምውድዳር ክርኤ ኣንከሎ ግን: ብድድ ኢልካ "ሕረዩኒ" ምባል ዘይኮነስ: እንታይ ድኣ እቲ ብሓቂ ንሕርየት ዝበቕዕ ክእለት ዘለዎ ወደ-ባት: ብርዝነትን ብርግኣትን ርእሱ ኣድኒኑ ርግእ ይብል እሞ: እቲ ቍምነገር ዝፈልጥ "ባይቶ-ዓደቦ" ድማ: "ተመረቐልና ኣይተ እገለ" ይብሎ። ሽዑ እቲ ከቢድ-መዝነትን ሓላፍነትን ዝተሰምዖ ብባይቶ ዝተሓርየ ስኽፍታ ብዝሰፈኖን ዓቢዩ ርዝነት ዘለዎን: ፍቓደኛ ኮይኑ ንኽቕበል: ኣብ ቅድሚ ዓደቦ ደው ይብል። ይርሓሰናዶ? ብዝብል ስሙር ድምጺ ባይቶ-ዓደቦ: ብ(Consensus) ይርሓሰና ይብሃል። ኣብ መደምደምታ ከኣ: ነቲ ንኡድ ኮይኑ ብባይቶ ዝተረኽበን ብስሙር-ድምጺ (Consensus) ዝተሓርየን ውልቀ-ሰብ: ቈጽሊ ነቢሩሉ: ኣምላኽ ሕራይ ይበልካ: ጽኑዕ ርገጽ ዝብል ምርቓ ተወንዚፉ: ህዝቡ ብንጹህ ሕልና ንኽምሓድር መብጽዓን ማሕላን ይኣቱ።

ሃገር ብኸመይ ይቐውም ንዝብሃል ሕቶ: መልሱ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ። ናይ ሃገር መሰረት ስድራ-ቤት እዩ። ስድራ-ቤታት ዓዲ የቑሙ: ዓድታት ከኣ ወረዳ የቑማ። ወረዳታት ድማ ኣውራጃታት የቑማ። እቲ ህዝቢ ኤርትራ: ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ: ካብ ውሉድ ወለዶ ኣናተመሓላለፈ ክሳብ ኮለንያል ጣልያንን ኣንግሊዝን: ግዝኣት ኢትዮጵያን: ክሳብ

መአግዛእቲ ህግዲፍን ክሰርሓሉ ዝጸንሑ: ብስሙር ድምጺ ባይቶ-ዓደቦ: (Consensus): እዩ ክካየድ እዩ ጸኒሑ። ነዚ ኣብ ቦቱኡ ንምምላስ'ዩ እምብኣር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ 30 ዓመታት ወሲዱ። ስለዚ ሕጂ'ውን እንተኾነ: ሃገር ብኸመይ ይቐውም ንዝብሃል ሕቶን: ክምለስን: መሰረታዊ ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ ክርከብን እንተድኣ ኮይኑ: "ካብ ብዙሕ ምጉያይ ክሳድ ምሓዝ" ከምዝብሃል: ካብ ኩለን ኣውራጃታት ኤርትራ ዝተዋጽኡ ኤርትራውያን ዜጋታት: ብስሙር ድምጺ (Consensus): በገባብ ባይቶ-ዓደቦ: ተኸቲሎም ምስ ዝሰርሑ ጥራይ እዩ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!
ጉጅለ ደቀባት 09.05.2008 ዓ.ም.